# ናይ ሓባር መግለጺ

## መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
## ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን
## ብዕለት 31 መጋቢት 2007 ዓ.ም.
## ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርኒያ (Bay Area)
## ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣካይድና

ቀዳም 31 መጋቢት 2007 መሰረታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቅጽሪ ሓደ (Block One) ሓፈሻዊ ኣኼባ ብምኽያድ ኩነታት ሃገርና ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ካልኣይ ጠቕላል ጉባኤ ኪዳን ዝተረኽበ ምዕብልና ብዕምቆት ድሕሪ ምምይያጥ ኣብ ናይ ሓባር ሚዛን በጺሕና።

ጉባኤ እቲ ንነዊሕ ግዜ ኣብ መንጎ ውድባት ኪዳን ፍልልይ ክፈጥር ዝጸንሔ ጉዳይ ሽሪዓን ብሂራትን ፈቲሑ ከብቅዕ፣ ኣብ ምምራጽ ብቑዕ መሪሕነት ክሰማማዕ ዘይምኽኣሉ ኣሕዚኑና። ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን ንኽጥርንፍ መሪሕነት ሰለስቲኡ ውድባት ዝወሰዶ ተዓጻጻፊ ጻዕርታትን ሕድገታትን ነመጉስ። ገለ ካብቶም ዝነኣድናዮም ምትዕጽጻፋት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1) ውድብ ከከም ዕብየቱን ኣበርክቶኡን ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክውከል ኣለዎ ዝብል ቅኑዕ ዲሞክራስያዊ ርእይቶ ገዲፉ፣ ምእንቲ ሓድነት ኪዳን ዓብን ንእሽቶን ከይበለ ነፍስወከፍ ውድባት ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ብክልተ (2) ክውከል ምቕባሉ፣
2) ጉባኤ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ከይበጽሕ ካብቲ ካልኣይ ቅጽሪ ኪዳን ክመርሑ ርእይቶ ምቕራቡ፣
3) ካልእ መዋጽኦ ምስተሳእነ ካብ ክልቲኡ ሸነኽ ብማዕረ ቁጽሪ ዝተዋጽኤት ግዜያዊት ሰክረታርያ ቀይማ ክትመርሕ ኣቦመንበራ ድማ ካብ ሻራ ዘይብሉ ውድብ ክኸውን ወይ ድማ ውድባት ብተራ ክመርሓ ዝብል እማመ ምቕራቡ የጠቓልሉ።

ንሕና ኣብ ቤይ ኤርያ (Bay Area) እንርከብ መሰረታት ኪዳን ቅጽሪ ሓደ ነዚ ዝተራእየ ምዕብልና ብዕምቆት ድሕሪ ምምይያጥ ህዝብና ካብ ናይ ህግድፍ ዲክታቶርያዊ ጭቆና ክላቐቕ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ክልቲኡ ኣካላት ናይ ኪዳን ድማ ብፍላይ ተኸባቢሩ ክሰርሕ ተደላይነቱ መዚና። መሪሕነትና ምስ ኪዳን ቅጽሪ ክልተ (Block 2) ንምስራሕ ከካይዶ ዝጸንሔ ጻዕርታት እናኣሞጐስና ክቕጽሎ ንላቦ። እብ ሞንጎ ሰለስቲኡ ውድባት ተኸሲቱ ዘሎ ናይ ምትእምማንን ምውህሃድን መስርሕ ንምዕዋቱ ዘይሕለል ቃልሲ ክነካይድ ምኳና ደጊምና ነረጋግጽ። መስርሕ ሓድነትና ንኽረጋገጽ ድማ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ብመሰረት ካብ ላዕለዋይ መሪሕነት ዝመጽእ መምርሒታት ሓቢርና ንክንሰርሕ ወሲና። ንጥፈታትና ዘወሃህድን ዝመርሕን ሽማግለ መሪጽና፤ ህድኣትን ተስፋን ዝዓሰሎ ልዙብ ኣኼባና ደምዲምና።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንሕሎም ኣብ ኤርትራ ሰላምን ፍትሕን ደሞክራስያን ዘረጋግጽ ስርዓት ንምትካል ዝጠልቡ ሃገራውያን ኣብ ጎንና ክስለፉ ንጽውዕ።

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና
ክንዕወት ኢና !!!!!

ጨንፈር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ENSF)
ጨንፈር ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ (ELF-RC)
ጨንፈር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ (EDP)

3 ሚያዝያ 2007 ዓ.ም.